


# እቲ ተረሳቢ ሓይሊ ክብሪ ሃገር ፡ መንእሰይ

*ናይሎሚ ኣርእስቲ መሪጸዮ ዘሎኹ እቲ ኣንጉዕ ናይ ሃገር ኮይኑ ኩላትና ክነስተብህለሉን ብዝግባእ መረዳእታ ክንህበሉን ክንመያየጠሉን ብምዝኽኻር ፡ ቅድም ግን መኽንያት ነዚ ዓቢ ኣርኣስቲ መምረጽየይ ቁሩብ ወስ ከብለልኩም ፡*

*ክንዳኻ ዘይኣኽላስ ብኣኻ ይውዕላ ፡ ብፍላይ ኣብዚ እዋን ከም ቀንዲ መሸቀጢ ጎሊሑ ዝርአ ጉዳይ ናይ መንእሰያትና እዩ ፡ እዚ ክኣ ናይ ከደምቲ ከዳሞት ዘኾኑ ኣብ ፈቖዶኡን መወዳእታ ዘይብሉ ስደት ክኹብልሉ ዝርከቡ ሓተላ ሕብረተሰብና ፡ እንተ ንዝር,ጋን ትዓጢቖም እንተ ንሕሱር ክድምና ትዓሲቦም ፡ ኮነ ኢሎም ነቲ ሕሱር ፕሮፖጋንዳኦም ዓይኒ ዕዳጋ ክረክብ ንማለት ፡ እዝግሄር ዘይስኣሎ ምዓት ኣዱር ባዱር ኣኻኺቦም ክዓፍሩ ይስምዑ ኣሎዉ ፡ ዕላምኡ ንክብርታትና ባሕጊጉ ንመንነትና ዘህስስን ንሃገርና ዘድፍርን ፡ ተፋዒሉን ተሳኢሉን ፡ ንከተግብርዎ ብትእዛዝ ዝተዋህቦም ምህዞ እኪያት ሳታኒስት ምኻኑ ኣይስሓትናዮን ፡ እንቶ እቶም ዕሱባት ስለዝተዓሰቡ ፡ ኣብ ጸልማት ደርገፍ ፡ ኣብ ሃጓፍ ገፈፍ ምባል ኣየዕወረፉን እንቶ ንሕና ጉዕዞና ጉዕዞ ኣባጎብየ ብምስትውዓልን ብጥምረትን ፡ ኣንፈት ጉዕዝኦም ኣይስሓትናዮን ፡ ነዚ ዓብን እዋናውን ኣርእስቲ ኣዕጋቢ ይኸውን ዝበልኩዋ ካብ መጽሔት ሕድሪ ዘምበብኩዋ ኣርእስቲ ክጋብዘኩም ፡ ሃየሞ ሰናይ ንባብ ፡ ንኹልና ።*

*ካብ **ሕድሪ** ወርሓዊ መጽሄት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ( ጥሪ 2008 ቁ.35 )*

## *መንእሰይ ዝጸራን ዝድርኻን ሃገር ( ብቴድሮስ ግርማይ )*

*እታ እንምነያ ብልጽግትን ስልጥትን ኤርትራ ኽንርኢ መንእሰይ ካብ ኩሉ ዝሕተቶ ዓውዲ ብግምባር ቀደም ክስለፍ ግድን እዩ ፡ መንእሰይ ክከላኸል ፡ መንእሰይ ድማ ከልምዕን ከድምዕን ባህርያዊ ተርእዮ'ኳ እንተ ኾነ መንእሰይ ኤርትራ ዝሕተቶ ኩሉንትናዊ መስዋእቲ ግን መዳርግቲ ኣይጸንሖን ፡*

*ታሪኽ ኤርትራ ብመግዛእትን መኽተን ዝልለ ታሪኽ'ዩ ፡ ቃልሲ ኤርትራ ካብ ፖለቲካዊ ናብ ብረታዊ ቃልሲ ምስ ተሰጋገረ መንእሰያት ዝተሰከምዎ ሓለፍነት ኣዝዩ ከምዝኽብድ ጌርዎ ። ንመግዛእቲ ኢትዮጵያ ምስናይ ዝበራረዩ ዘራያት ልዕለ ሓያላን ዘፍ ኣቢሎም ዝተሓከ ምስሊ ኤርትራን ዝተረግጸ መሰል ኤርትራውያን ናብ ቦትኡ ክመልሱ ዝኽኣሉ ናይ ትማሊ መንእሰያት ድማ ሎሚ ኣቦታትን ኣብሓጎታትን ንምኻን በቒዖም ኣለዉ። እቶም ዕድመ ዝደፍኡን ዝደኸሙን ክኽብሩን ከዕርፉ ክኽእሉን ክትክኡን ቦታ ክገድፉ ፡ እቲ መንእሰይ ድማ **ባህልን ክብርታትን ሰውራ** ወሪሱ ፡ ሓላፍነት ክቕበል ዘኽእል ዘይተርፍ ባህራያዊ መስርሕ ውትፍ-ውትፍ ይብል ኣሎ ። ግን ሓደ ክምለስ ዘለዎ ኣገዳሲ ሕቶ ክመጽእ ድማ ግድን'ዩ ።*

### *መን'ዩ ዝወርስ ?*

*`` **ሰውራ ዘዐወተ ወለዶ ሸምጊሉ እዩ ፡ ተካእቱ ድማ ንሕና ኢና** `` ዝብሉ መንእሰያት ብውልቂ ይኹን ብእኩብ ካብ ምስማዕ ዝዓቢ ጸጋ የለን ። እቲ ኣንጻሩ ዘጉህን ዘሕዝንን መንእሰያት ኣምር ናይ ዶብ ኣጥፊኦም ዓለም ሓንቲ ከም ዝኾነትን ዝኸድዎ ሃገር ከኣ ሃገር ክኾኖም ዘኽእል ግሎባዊ ምትእስሳር ከም ዝተበጽሐ ዘስምዕ ኣጉል ናይ ገበትን ሽሓጥትን ዘረባ ክደግሙ ምስማዕ ጥራይ ዘይኮነ ክኹብልሉ'ውን ምርኣይ እዩ ። እዚ ከምዚ እናኾነ ኣብቶም ክንወርስ ኢሎም``**ኣብልክዕ ሰዓት ኣብ ልክዕ ቦታ**`` ክንጸንሕ ኣለና ኢሎም ዝከታተሉ መንእሰያት'ውን እንተ ኾነ ሓደ ዘሰክፍ ዝምባለ ኣሎ።*

ኤርትራ ፡ ውሑድ ህዝቢ ብዙሓት ተጻባእቲ ዘለዋ ሃገር'ያ ፡ ካብ ኤርትራን ወለዶ ገድላን ዝወርስ ነገር እንተ ሃልዩ ድማ መስዋእቲ ብኹሉ ዓይነቱ ፡ ዘይምሕላል ፡ ዘይምርብራብ ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ብሉጽ ኣገልግሎት ንህዝብኻ ሂብካ ዕድልን ዕድመን ረኺብካ ጸቡቕ ስም ገዲፍካ ብሓበንን ናይ ሕልና ርውየትን ዝተረፈ ዕድሜኻ ብሰላም ምንባር ክኸውን ይግባእ ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ባህጉ ስልጣን ክንየው ምውናን ቪላን ላንድክሮዘርን ኣብ ብልሽውና ናይ ምሕምባስ ገፊሕ ዕድል ፈጢሩ ብምቕት ኣጠስጢሱን ኣማህሚኑን ናይ መንእሰይ ናህርን ሓይልን ከምክን ተዓዚብና ኢና ። በዚ ድማ ዋላ እቶም ብዘንድድ ስምዒት ሓርነታዊ ቃልሲ መሪሖም ሃገር ክመርሑ ዝበቕዑ ሰባት ከይተረፉ ብልሽውና ኣብሪድዎም ሃገራቶም ካብ ምዕበለ ኣብ ድሕሪት ክርዲደን ይርከባ ። ዋጋ ኤርትራ ፍሉጥ እዩ ፡ ዕጫኣ ድማ ብልጽግትን ስልጥንትን ኩሉ ዜጋ ብማዕረ እፎይ ኢሉ ዝሓድረላ ሃገር ምዃና'ዩ ። ኣብ ኤርትራ ምውራስ ማለት ኣብ ስልጣን ኮረሻ ከም ምውጣሕ ማለት ጥራይ ጌርካ ክትወስዶን ካብኡ ሓሊፍካ ድማ ንስልጣን ከም መኸተሚ ድኽነትካ መቐየሪ ደርብን ድሕረባይታን ክትርእዮ ዓቢ ገበን'ዩ።

ኤርትራውያን ዕድለኛታት ኢና ። ኣብ ጉዳይ ሃገርና ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ሓደ መኣዲ ክንቃለስ ዕድል ስለዝረኸብና ነንሓድሕድና ክንላለ ክኢልና ። ብዘይካ'ቲ ቃልሲ ዝፈጠረልና ርክብ ሃገርና ጸባብ ምዃና ሓደ ሓደ እዋን መን ተሰርኒቑው'ን ክትፈልጦ ጸገም ኣይኮነን ። ህዝቢ ኤርትራ ብዓቕልን ብልቦናን ዝምራሕ ህዝቢ እዩ ። ንታሪኹን ውዕለቱን ጋሻን ብስስዐ ዝዓወረን ወገን ብዘይ ዝኾነ ንጹር ራእይ ብዝመጸ መጺኡ ኣብ ዝባኑ ዝሕንግሮ ህዝቢ ክኸውን ኣይክእልን ።

ነዛ ጽሕፍቲ'ዚኣ ክሕንጥጥ ዘበገሰኒ መኸንያት ኣለኒ። ንሱ ድማ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ኣብ ሓንቲ ካብ ኣብያተ ትህርቲ ካልኣይ ደረጃ ኣስመራ ፖለቲካ ክምህር መደብ ተዋሂቡኒ ምሂረ ምስወዳእኩ ፡ ሓንቲ ተምሃሪት ናባይ ቀሪባ `` ኣብ መወዳእታ ኣነ መራሒት ክኸውን'የ ድሌተይ ፡ ውረሱ ንብሃል ስለዘለናስ ነዚ ናተይ ድሌት ብኸመይ ክበጽሖ እኽእል ?`` ኢላትኒ ቃልዓለም ዘይብሉ ሕቶ እዩ ። ነዚ ቅኑዕ ሕቶ'ዚ ብዓቕመይ መልሲ ክህበሉን ፡ነቲ መባእታዊ ፍልጠት ናይ መርሒነት ከይሓዝካ ብዘይ ብሱላት መንእሰያት ዝርአ ሃረምረም ድማ ገለ ኸብሎ ብምባል ድማ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ኣሉታዊ ተርእዮታት ኣልዒለዮ ። እቲ ``ውረሱ`` ንቓልዓለም ዝበሃል ኣይመስለንን ። ስለዚ ፡ እቲ ናይ ምውራስ ስዓት ኣኺሉ እንተኾይኑ ከምዚ ሓፍትና ዝሓተተቶ እቶም ክወርሱ ዝመጣጠኑ ዘለዉ እንተውሓደ ነዘን ዝስዕባ ነጥብታት ወሪሶመን ክኾኑ ተስፋ እገብር ።

## ትብዓት

ትብዓት መለለዪ ኤርትራውያን እዩ። ኣብ ቅድሚ ፍትሕን ሓቅን ከም ሃገር ብእኩብ ጥራይ ዘይኮነ ብውልቂ ደረጃ'ውን ባህልና ክኸውን ግዴታ'ለና ። ትብዓት ወኒ ሓርበኝነትን ናይ ዘይተኸለሱን ግዜ ዝገደፎም ኣብ ውሱን ዶብ ዝሓስቡ ባህርያት ኣይኮነን ። ክትመርሕ ብፍላይ ኣብ ኤርትራ ናይ ኩሉ'ቲ ክትመርሖ ትሓስብ ህዝቢ ሓሞት ምስታይ ማለት እዩ ። ይኹንእምበር ትብዓት ማለት ብዘይ ሜላ ጠምበርበር ምባልን ምግታርን ማለት ኣይኮነን ። ተባዕ መራሒ ማለት ዘይፈርሕ ሰብ ማለት'ውን ኣይኮነን ። ጅግና ስለዝፈርሕን ነቲ ዘፍርሖ ነገር ካኣልን ክከላኸልን ብዘይ ምሕላል ነኺሱ ብምቕጻል ነቲ ቅኑዕ ከዓውት ስለ ዝሰርሕ ድማ እዩ ጅግና ዝብሃል ።

## ነፍሰ ምትእምማን

ነፍሰ ምትእምማን ኣብ ሓደ ዕላማ ንምብጻሕ ኣብ ውሽጢ ሓደ ውልቀሰብ ዝስረት ዘይንቕነቕ እምነት እዩ ። ነቲ `` ክግበር ኣይክኣልን'ዩ ክብጻሕ ኣይክኣልን'ዩ`` ዝብል ምጥርጣራት ኣወጊዱ ባዕልኻ ብክልተ እግርኻ ክትረግጽ ዘኽእል እምነት እዩ ። ከምቲ መብዝሕትኡ ግዜ ዝርአ ተጸጊዕካ ወይ ጥብቆ ናይ ካልኦት ኮይንካ ዝረጋገጽ ናተይ እትብሎ ሰብኣዊ መንነት የሎን ። ምጥርጣርን ኣብነብስኻ ዘይምእማንን ዘይኮነ እቲ ንዕኡ እትህቦ መልሰ ተግባር'ዩ ነፍሰ ምትእምማን ከምተጥፍእ ዝገብር ።ነፍሰ ምትእምማን ንሓደ ነገር ክሳብ ዝሓሸ ውጽኢት ትረኽበሉ ኣብ ቀጻሊ ጻዕርን ፈተነን የጽምደካ ። ዕንቅፋት ክገጥመካ'ውን

ይኽእል ። ነቶም ኣብ ቀዳማይ ጌጋኻ ``ኣይከውንን'ዩ ፡ ኣይትኽእልን ኢኻ ፡ ልዓትካ ኣይኮነን ፡ እንተ ዘይደኽምካ ይሕሸካ`` ዝብሉ ዘይኮነስ ነቶም ኣብ ጻዕርኻ ምኽሮምን ማዕዳኦምን ሓገዞምን ዝልግሱ ወገናት ድምጺ ጥራይ ምስማዕ የድሊ ። ጽቡቕ ነገሩ ፡ ነፍሰምትእምማን ተመሓላላፊ ባህሪ ኣሎዎ ። ሰባት ድልዱል ዝሰረቱ ነፍሰ ምትእምማን ምስ ርኣዩልካ እዮም ድማ ዝኣምኑልካን ዝስዕቡኻን ።

## ትኽረት

ንመርሒነት ክትበቅዕ ትብዓትን ነፍሰምትእምማንን ንበይኖም ኣኽልቲ ኣይኮኑን ። ኣብቲ ሒዝካዮ ዘሎኻ መስመር ቶኪርካ ብጽንዓት ናይ ምቕጻል ሕቶ ድማ ንዓይነት መርሒነትን መራሕን ወሳኒ እዩ ። ካብቲ ቀንዲ መስመር ፈልከት ከይበልካ ምቕጻል ውዒሉ ሓዲሩ እቲ ናብ ዓወት ዘብጽሕ መንገዲ ኮይኑ ፡ ትኽረት ክበሃል ከሎ ድማ ዝያዳ ውሳነ'ምበር ብዙሕ ካልእ ተውህቦ ዝሓትት ጉዳይ ኣይኮነን ። ኣብ ልዕሊ ውሳኔ ግን ኣቓልቦ ኣብ ውሱን ዝተዳቐቐ መደብ ምትኳር ኣዝዩ ኣገዳሲ ይኸውን ። ንኹሎም ካብ መስመርካ ከውጽኡኻ ዝፍትኑ ተርእዮታት እናገጠምካ ምቕጻል ዝሓትት መዐቀኒ ብቕዓት መራሒ እዩ ። ክኢላታት መራሕቲ ድማ እዋናውን ነባርን ጉዳያት ፈላሊኻ ብትኽረት ናይ ምግጣም ተመኩሮ ይውንኑ ። እዚ ነጥቢ'ዚ መንእሰያት ዝያዳ ዝሕመይሉ ነጥቢ'ዩ ። ኣብ ስራሕ እንተወሲድና ንዝተወሰነ እዋን ጸኒዕካ ቶኪርካ ብምስራሕን ብምዕላምን ኣብ ክንዲ ነባሪ ሞያ ምሓዝ ኣቓልቦኻ ብግዝያዊ ነገራት ምግራዝን ቀልጢፍካ ምርብራብን ይርአ ። ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ዝተገልጸ ድማ መንእሰያት ነባሪ ስራሕን ሞያን ዘይኮነ ከም ሓራስ ድሙ ቦታ ክቐያይሩ ይነብሩ ።

## ተምሳጥ

ህዝቢ ኣብ መራሕቱ ፍቕሪ ዘሕድረሉ መኽንያት እቶም መራሕቲ ኣብ ልዕሊ ዝገበርዎምን ዝኣምኑሎም ነገራት ምሉእ ልባዊ እምነት ተምሳጥን ፍቕርን ስለ ዘለዎም'ዩ ። ብቐጻሊ ኣብልዕሊ'ቶም ዝኣምነሎም ነገራት ትስፉዋት ኮይኖም ብድልየትን ብናህርን ይሰርሑ ። ንዝኾነ ውጽኢት ናይ ስራሕ ብሓጎስ ይቕበልዎ ። ወላ ነገራት ከም ባህጎም ድሌቶም ኣብ ዘይከድሉ እዋን'ውን እንተኾነ ነቲ ዘይሰመረ ጉዳይት ምስ ካልኦት ትሓባቢርካ ከም ዝዕረ ብምእማን ኣብ ልዕሊ ካልኦት ቅዱስ እምነት የስርጹ ። ኣብዚ ነጥቢ'ዚ ቃልዓለም ቦታ የብሉን ። ብኹሉ ዓቕሞምን ሓያል ስምዒትን ንኽገጥሞም ዝኽእሉ ነገራት ቅሩባት'ዮም ። ኣብቲ ዝኣምኑሉ ነገር ኣዳዕዲዖም ይሕምብሱ'ምበር ጨብረቕረቕ ኣይብሉን ።

## ክብርታት

ኣብ መወዳእታ ሓደ ንመሪሕነት ሃንቀው ዝብልሰብ ነዊሕ ክቕጽል እንተ ኾይኑ ንዕኡ ዝጸሩ ክብርታት ክውንን ይግባእ ። ንሳቶም ድማ ንህቡብነቱ ይውስኑ ። `` ጽቡቕ ግበር ንማንም `` ከም ዝብሃል እትኽእሎ መገዲ ሂወት ስነምግባር ሰብ ንኽርእየልካን ክሰምዓልካን ዘይኮነ ከም ቀወምቲ መዐቀኒኻ ወሲድካ ስብ ይርኣየልካ ኣይርኣየልካ ብዘየገድስ ኣብ መዓልታዊ ሂወትካ ከተዘውትሮም ዝግባእካ ኣካይዳን ባህርያትን ክኾኑ ኣለዎም ። ንቓልዓለም ንምስሉይነት ኢልካ ዝግበሩ ኣይኮኑን። ኣብ ኤርትራ ፍትወት ስራሕ ፡ ሓቂ ፡ ፍትሒ ፡ ነቐፌታ ፡ ሓድነት... ገለ ካብቶም ቀንዲ ክብርታትና እዮም ። እዞም ከምዚኦም ዝብሉ ንስኻ እተኽብሮምን ኣካል ባህርያትካ ክትገብሮም ዝበቓዕካ ክብርታትካ ብዙሓት ሰባት ስለ ዘኽብሮም ድማ ተነሊሶም ንዓኻ የኽብሩኻ ።

ኣብ መደምደምታ ዕላማ ናይዚ ጽሑፍ ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ ነቶም ሕድሪ ክርከቡ ዝደልዩ ትስፉዋት ንኣሽቱ መንእሰያት መበገሲ ዝኸውን ሓሳብ ንምሃብ ብኣንጻሩ ድማ ነቶም ``ሀሁ`` ናይ መሪሕነት ከይቀመሱ ግዜ ቀሪቡ ተባሂሉ ኣብ ኮረሻ ፖለቲካዊ ስልጣን ኩድጭ ምባል እሞ ኽኣ ኣብዛ ረዛን ሃገር ኤርትራ ብዘይተቐደሰ መንገዲ ክኃየዩ ዝርኣክዎም ንምግላጽ'ዩ ።``ንህዝበይ ኣነ እየ ብሉጽ ኣገልግሎት ዝህቦ``
ኢልካ ክትወዳደር ጥራይ ዘይኮነ ክትጸዋወር'ውን ኣብ ሓደ ሃገር ክሰፍን ዘለዎ ቅዱስ ፖለቲካዊ ባህሊ እዩ ። ብኣንጻሩ ንዝነፍዐን ጸብለል ዝበለን መንእሰይ ከተጸልምን ብሓሶት ሓሳባት

*ክትጸሉን ኬተ.ጋግን ለይትን መዓልትን ኣብ ወስለትለት ምውፋር ኣብ ርእሲ እቲ ንኤርትራ ከም ሃገር ዘየቐጽላ ፡ ግዕዙይ ባህሊ ምኻኑ ናይ መንእሰይ ባህሪ'ውን ኣይኮነን ። መንእሰይ ኤርትራ ኣብ መመድረኹ ብፍላይ ካብ 40ታት ክሳብ ዋርሳይ ታሪኽ እናሰርሐ ስለዝመጸ ፡ እቲ ብሕጂ ታሪኽ ሰሪሑ ብኣበርክቶ ንሂወቱ ትርጉም ሂቡዋ ክነብርዝደሊ ድማ ኣኺሉ ዝተርፍ ባይታን ዕድልን ኣለዎ ። ታሪኽና ዘረጋግጾ ነገር እንተሎ ኤርትራ መንእሰይ ዝጸራን ዝድርኻን ሃገር'ያ ።*

*ነዚ ግሩም ትምህርቲ ዝቐረበልና ኣቶቴድሮስ ግርማይ ብስመይን ብስምኩምን እናኣመስገንኩ ኣብካልእ ኣጋጣሚ ከምዚ ሃናጺ ትምህርቲ ደጊመ ንኣቶ ቴድሮስ ካብ ፍልጠቱ ከካፍለና ምሉእ ተስፋ ንገብር ፡*

*ለበዋ ንኣምበብቲ ፡ ፍልጠት ክትድልቡ እንተድኣደሊኹም*

*ንወርሓዊ መጽሔት ሕድሪ ተወከሱ ፡*
*ዓውዲ ፍልጠት ኣብኡ ኣለኩም ከምሰቲ ተነስኒሱ ፡*

*ዓወት ንሓፋሽ !!!*

*መድሃኔ ተስፋኣለም*